ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ
ዞባዊ ቤት ጽሕፈት ሰሜን ኣሜሪካ

المجلس الوطني الإريتري للتغيير الديمقراطي
المكتب الإقليمي لأمريكا الشمالية

Eritrean National Council for Democratic Change

Regional Office of North America

# ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤሃባደለ) ዞባዊ ጉባኤ

# ጋዜጣዊ መግለጺ

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤሃባደለ)ካብ ታሕሳስ 1-2, 2018 ኣብ ደንቨር ኮሎራዶ ዞባዊ ጉባኤኡ ብዓወት ደምዲሙ። ኣብዚ ታሪኻዊ ናይ ኤሃባደለ ዞባዊ ጉባኤ'ዚ ኣባላት ባይቶ ናይዚ ትካል፣ ዘለዎም ተወፋይነት ነቲ ረቂቕ ሰነዳት ናይ ፖለቲካዊ ቻርተርን፣ ሓባሪ ስእልን (ሮድ ማፕ)፣ ሕግታቱን ብምድጋፍ ኣረጋጊጾሞ። ነቲ ኣብ ዝመጽእ ዓመት 2019 ዝግበር ሓፈሻዊ ጉባኤ ናይ ኤሃባደለ ዝቐርብ ሰነዳት ብምንባብ ከኣ ናይ ተሳተፍቲ መግበመልሲ (ፊድባክ) መዝጊቡ። ንተዓቅቦታትን፣ ምንዋሕ ግዜን ናይቶም ብሕጽረት ግዜ ክንመጽእ ኣይከኣልናን እሞ ይናዋሓልና ዝበሉ ወከልቶም ዘይመረጹ ከተማታት ሕቶ ዘትዩ፣ ብወኸሳን ፍቓድን ናይ ፈጻሚት ሽማግለ ኤሃባደለ ነቲ መወዳእታ ዕለት መረጻ (ዴድላይን) ክሳብ ጥሪ 12, 2019 መረጻ ወከልቶም ናይ ምንዋሕ ውሳኔ ብምሉእ ድምጺ ኣሕሊፉ።

ዞባዊ ጉባኤ፣ ህልዊ ኩነታት ሃገርና ኤርትራ ብዘርኢ ጉዳይ ዘትዩን፣ ንካልኦት ካብ ባይቶ ወጻኢ ንዘለዉ ፖለቲካዊ ውድባትን፣ ሲቪካዊ ማሕበራትን ዓበይቲ ኤርትራውያንን ንምጥርናፍ፣ እንነጥፈሉ መንገድታት ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ ንሓፈሻዊ ጉባኤ ዝኸዱ ንመረጻ በብሓደ እናጸውዐ እዞም ዝስዕቡ ወከልቲ መሪጹ።

1. ዶር መሓመድ በሽር-ሎስ ኣንጀለስ ካሊፎርንያ
2. ዶር የዕብዮ ወልደማርያም-ንዩዮርክ፡ ንዩዮርክ
3. ኣቶ ስዩም ተስፋይ-ኣትላንታ፡ ጆዮርጅያ
4. ኣቶ ከማል ዓሊ-ደንቨር፣ ኮሎራዶ
5. ኣቶ ማሕሙድ ኣደሮብ-ፊኒክስ ኣሪዞና እዮም።

ኤሃባደለ-ምምሕዳር ሰሜን ኣሜሪካ

ታሕሳስ 2, 2108

ዴንቨር ኮሎራዶ